ነቶም ብብዝሒ ስድራቤታት ኣብ ዝነብሩሉ ህንጻ ኣብ ኣፖርታማ እትነብሩ

# ኣብ መንበሪ-ገዛኻ ንሃዋህው ውሽጢ ገዛ ዝምልከት ሽግር ኣለካ ድዩ?

እቲ ጸገም፡ እምብዛ ዛሕሊ ወይ እምብዛ ሙቐት፡ ሕማቕ ንፋስ፡ ጠሊ ወይ ምዕሳው ወይ ውን ተርእዮ ባልዕ ክኸውን ይኽእል። ከምዚ ምስዝኸውን፡ ንወናኒ-ህንጻ ወይ ኣካራዪ ክትውከሶ ትኽእል። ኣብ ኮንደሚንዩም እትነብር እንተኼንካ ኸኣ፡ ንቦርድ ናይ ማሕበርካ ክትውከስ ትኽእል። ካብ ወናኒ-ህንጻ ሓገዝ ምስዘይትረክብ፡ ነቲ ኣብ ምምሕዳር ከተማኻ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ኣከባብን ጥዕናዊ ድሕነትን ክትውከስ ትኽእል።

## ኣብ መንበሪ-ገዛኻ ንኣከባቢ ብዝምልከት ሓላፍነት ዝወስድ ወገን መን እዩ?

ወናኒ ህንጻ ናይቲ እትነብረሉ ገዛ፡ ጥዕናዊ ጸገማት ከምጽኡ ዝኽእሉ ሕጽረታት ናይ ምክልኻልን ብኣግኡ ናይ ምርኣይን ሓላፍነት ይስከም። እዚ ኸኣ፡ ከም ኣብነት፡ ርውሓት ምቍጽጻር ወይ ውን ጠሊ ዘፈጠሮ ዕንወት ምጽጋን ክኸውን ይኽእል።

ንስኻ ከም ነባሪ መጠን፡ ከም ቬንቲላቶረ ምጽራይ ዝፈሰሰ ማይ ጸሪግካ ምድራቕ ዝኣመሰለ፡ ገዛኻ ብጽቡቕ ናይ ምሓዝ ሓላፍነት ኣለካ። ኣብ መንበሪ-ገዛኻ፡ ከም ምቕልቃል ባልዕ፡ ላሕኲ-ማይ ወይ ማዕበስቲ ትቦታት ረሳሕ-ማይ ከጋጥም እንከሎ፡ እቲ ጸገም ንኽፍታሕ፡ ብቐጥታ ንወንናኒ-ህንጻ ምውካስ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ንሃዋህው ውሽጢ ገዛ ዝምልከት ጸገም ሃልዩካ ካብ ወናኒ ህንጻ ዝኾነ ሓገዝ ምስዘይትረክብ፡ ነቲ ኣብ ምምሕዳር ከተማኻ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ኣከባብን ጥዕናዊ ድሕነትን ክትውከስ ትኽእል። ሕጊ-ኣከባቢ ተኸቲሎም ቍጽጽር ብምክያድ ከኣ፡ እቲ መንበሪ-ገዛ፡ ከም ተቐማጢ ናይቲ ገዛ ንጥዕናኻ ብኣሉታ ዝጸሉ ጕድለታት ምስዝርከቦ፡ ንወናኒ-ህንጻ ከማልኦ ዝሕተቶ ቅድመ-ኩነት ክቐምጡሉ ይኽእሉ። እቲ ብቤት-ጽሕፈት ኣከባብን ጥዕናዊ ድሕነትን ዝካየድ ቍጽጽር ንነባሪ ብነጻ ዝካየድ ቍጽጽር እዩ።

## ኣብ መንበሪ-ገዛኻ እቲ ዝያዳ ዓይኒ ከትውድቐሉ ዘለካ ነገር እንታይ እዩ?

ኣየር፡ ንጹህ ኮይኑ ክስመዓካ ኣለዎ።

ርውሓት መንበሪ-ገዛ ክሰርሕ ኣለዎ። ንጹህ ኣየር ክኣቱ፡ ብኩል ኣየር ከኣ ክወጽእ ክኽእል ኣለዎ። ዝሃድሃደ ጨና ከምኡ ውን መስኮት ብውሽጢ ብሃፋ ምሽፋን፡ ርውሓት ሓማቕ ከምዘሎ ከተንብሁ ዝኽእሉ ምልክታት ክኾኑ ይኽእሉ። መሳኹትን መዓጹን ተዓጽዮም ምስዝህልዉ፡ ካብ ጎሬበት ዝመጽእ ጨና-መግቢ ወይ ውን ትኪ-ሽጋራ ክኣትወካ ኣይክእልን እዩ።

ባዕልኻ'ኸ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

- ንጹህ ኣየር ንኽኣቱ፡ መርውሒታት ክፉታት ግደፎም። መርውሒታት ከም ልምዲ ኣብ መስኮትን ከባቢኡን ይርከቡ።
- መሳኹትን መዓጹን ንዝተወሰነ ግዜ ክፍት ኣቢልካ፡ ንጹህ ኣየር ከምዝኣቱ ግበር።

- ነቶም ኣብ ክፍሊ-ንጽህናን ክሽነን ዝርከቡ፡ ብኩል ኣየር መጥዮም ንደገ ዘውጽኡ መርውሒታት ብስሩዕ ኣጽርዮም ኢኻ። ኣቀዋውማ መርውሒታት ኣይተዘናብል።
- መግቢ ክትክሽን እንከለኻ፡ ቨንቲላቶረ-ክሽነ ከተስርሖን ነታ ኣብኡ ዘላ ኣዝፋፊት ስብሒ ኸኣ፡ ብስሩዕ ከተጽርያ ኣለካ።

ጠሊ ከምኡ ውን ምዕሳው ክርአ የብሉን።

መነበሪ-ገዛኻ ካብ ጠልን ምዕሳውን ዝፈጥርዎ ሃስያታት ነጻ ክኸውን ኣለዎ። ምዕሳው፡ ኣብቲ ጠሊ ዝረኣዮ ቦታ ወይ ውን ርውሓት ብግቡእ ይሰርሕ ምስዘይህሉ'ዩ ክፍጠር ዝኽእል። ምልክት ራሀዲ፡ ብለዘ፡ ምህሳስ ሕብሪ ወይ ውን መንፋሕቲ ገለ ክፋላት ወረቓቕቲ መንደቕን ምድሪ-ቤትን፡ ምልክታት ናይቲ ጠሊ ከስዕቦ ዝኽእል ሃስያ እዮም። ገለ-ገለ እዋናት ምዕሳው ዘየጋጥሙ እንከሎ ዕሳወ ክጨንወና እንከሎ፡ ካልእ እዋናት ከኣ ዓስዩ እንከሎ ዘይክጨንወና ይኽእል።

ባዕልኻ'ኻ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

- ኣብ ቡምባታትን ትቦታት ላሕኩ ኣጋጢሙ ከይህሉ ተቖጻጸር።
- ዝፈሰሰ ማይ፡ ኣብ ባኞ ከይተረፈ፡ ኣድርቖ ኢኻ።
- ትሕቲ ባስካ ዘሎ ቦታታትን መውሓዚታት ምድሪ-ቤትን ኣጽሪኻ ሓዞ።
- ንስኻ ወይ ውን ካልእ ሰብ ክሕጸብ እንከሎ፡ እቲ ባኞ ቬንትላቶረ ምስዝህልዎ፡ ወሊዕኩም ድሕሪ ምውዳእኩም ውን ዝተወሰነ ግዜ ክትቅጽል ግደፍዎ። ድሕሪ ምሕጻብካ ወይ ውን ኣብ ማይ ተኣሊኽካ ድሕሪ ምጽናሕ፡ እቲ ባኞ መስኮር ምስዝህልዎ መስወዳእካ፡ መስኮት ክፍት ኣቢልካ ንፋስ ከምዝኣትዎ ግበር።
- መጋረጃ ባኞ ተጥቀም። ኣብ ጥቓ'ቲ ባኞ ኣብ ዘሎ መናድቕ ውን ነኺላት ካብ ምፍጣር ተቖጠብ።

ኲነተ-ሙቐት ውሽጢ ገዛ፡ ጽቡቕ ክኸውን ኣለዎ።

መንበሪ-ገዛኻ ካብ ንቡር ንላዕሊ ዝሑል ወይ ምዉቕ ክኸውን የብሉን። ብመርውሕን መስኮትን ብዙሕ ዝኣቱ ሕማቕ ኣየር ውን ክህሉ የብሉን። ዝበዝሕ ግዜ ሙቐት ገዛኻ ትሕቲ 20 ምስዝኸውን ወይ ውን ኣብ ክራማት ልዕሊ 26 ምስዝኸውን ወናኒ-ህንጻ ተወከስ።

እምብዛ ዛሕሊ ክኸውን እንከሎ፡ ባዕልኻ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

- መሞቕ-ገዛ ኣቕሑ ወይ ውን ረጕድ መጋረጃ ጌርካ ኣይትጋርዶ። ምኽንያቱ፡ ነቲ ሙቐት ናብቲ ክፍሊ ካብ ምዝርጋሕ ስለዝኽልክሎ።
- ሰፋታትን ዓራውትን፡ ካብ ኣብ ጫፋት፡ ኣብቲ ምዉቕ ዝበለ ንውሽጢ እትው ዝበለ ቦታታት እትው ከምዝብል ግበር።

እምብዛ ሙቐት ክኸውን እንከሎ፡ ባዕልኻ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

- ጸሓይ ንምግራድ፡ ዘፈርፈር-መስኮት፡ መጋረጃ ወይ ውን ጽላል-ቴንዳ ተጠቀም።
- ድግ ዝሕል ክብል እንከሎ፡ ገዛ ንፋስ ሃቦ። ሞገድ-ሙቐት ከጋጥም እንከሎ፡ ማዓጹን መሳኹትን ቀትሪ ዓጺኻዮም ብምውዓል፡ ንፋስ ንምውሳድ ምሸት ክትከፍቶ ይምረጽ።

ቀርጠፍቲ እንስሳታትን ባልዕን ኣስተብህል።

መንበሪ-ገዛ ካብ፡ ኣናጹ፡ ድዱዕ፡ ትኳን፡ ካልኦት ቀርጠፍቲ እንስሳታት ወይ ባልዕ ነጻ ክኾውን ኣለዎ።

ባዕልኻ'ኺ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

- ብመግቢ ወይ ውን ጉሓፍ-መግቢ ዝሰሓቡ ቀርጠፍቲ እንስሳታት ከይህልዉ ኣስተብህል።
- ሓርጭ፡ እኽሊ ከምኡ ውን ካዕካዕ ኣብ ውሑስ መዕሸጊታት ዓሽጎ።
- ነገራት ኣጽሪኻ ሓዝ ከምኡ ውን ብስሩዕ ውን ኣጽሪ። ድሕሪ እቶን፡ ከብሒታት፡ መደርደርያታትን ተመዚታትን ውን ከይተረፈ።
- ኣስቤዛ፡ ኣቑሑ ወይ ውን ርያ ናብ ገዛ ከየእተኻዮ እንከለኻ፡ ቀርጠፍቲ እንስሳታት ወይ ባልዕ ከይህልዎ ተቖጻጸር።

ሃዋህው-ድምጺ ውን ምጡን ክኾውን ኣለዎ።

ቬንቲላቶረ፡ ትራፊክ ወይ ውን ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ከም ጋራጅ፡ ኣብያተ-መግቢ ወይ ባራት ዝኣመሰሉ ተቕዋማት፡ ረባሺ ድምጺ ክፈጥሩ ይኽእሉ። ኣብ ኣፓርታማ እትነብር ምስእትኾውን፡ ከም ዓው ዝበለ ሙዚቃ ወይ ውን ሸፋሕታ እግሪ ዝኣመሰለ ድምጺ ረባሺ ኮይኑ ክትረኽቦ ትኽእል። ኩሉ ነገር ጸጥ ክብል ግን ክትጽበ የብልካን። ገለ ካብ ጎረባብቲ ዝመጽእ ድምጺ፡ ብፍላይ ቀትሪ፡ ክትጽመም ክትክእል ኣለካ።

ባዕልኻ'ኺ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

ብቐዳምነት፡ ነቲ ረባሺ ድምጺ ዝፈጥር ዘሎ ወይ ተሓታቲ ዝኾነ ወገን ተወከስ። ብገደ፡ ካብ ካልእ ህንጻ ወይ ውን ተቕዋም ብዝመጸ ድምጺ ምስእትርበሽ፡ ንተሓቲ ናይቲ ህንጻ ወይ ተቕዋም ተወከስ። ኣብ ገዛኻ ወይ መንበሪኻ ዘሎ ቬንትላቶረ ወይ ፍሪጅ ረባሺ ድምጺ ምስዝፈጥር፡ ወናኒ-ህንጻ ተወከስ። ሓገዝ ምስዘይትረክብ፡ ንቤት-ጽሕፈት ኣከባብን ጥዕናዊ ድሕነትን ክትውከስ ትኽእል።

ሙቐቱ ምጡን ዝኾነ፡ ዝሑልን ውዑይን ማይ ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ።

ኣብ ቡምባታት መንበር-ገዛኻ፡ ዝሑልን ውዑይን ማይ ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ውዑይ ማይ ብግቡእ ዝወዓየ፡ እቲ ዝሑል ከኣ፡ ብግቡእ ዝዘሓለ ክኾውን ኣለዎ። ኣብቲ ማይ ባክተርያ ከየስርቱ መታን፡ እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብግቡእ ዝሰርሕ መውሓዚ ረሳሕ ማይ ክህሉ ውን ኣገዳሲ እዩ።

## ቤት-ጽሕፈት ኣከባብን ጥዕናዊ ድሕነትን ምምሕዳር ከተማ ተወከስ።

መወከሲ ሓበሬታ፡ ቤት-ጽሕፈት ኣከባብን ጥዕናዊ ድሕነትን ምምሕዳር ከተማ

ኢ-መይል

ቊጽሪ-ስልኪ

መርበብ-ሓበሬታ